ኮምሽን ፖሊስ ትግራይ ኣብ 2016 ዓ/ም ብUNDP ካብ ዝተፈቐደ በጀት ኣብ ስልጠና ግዜ ንሰልጠንቲ ዝጥቐምሉ ሻሂ ቡና ሪፍረሽመንት ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቐሒታት እተማልኡ ሕጋዊያን ነጋዶ ንኽትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 20, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 22, 2016 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:--
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:--
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 22, 2016 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካፌን ሬስትራንትን/

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዝግባእ ረቐሒታት፡

1. ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል።

2. ናይ 2016 ዓ/ም መቕረባይነት ፍቓድ ዘለዎን ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል።

3. ናይ ግብሪ ኽፋሊ መለለይ ቁፅሪ (Tin Number) ዘለዎን ኣተሓሒዙ ዝኽእልን። ዝበለ ክቕርብ

4. ተወዳደርቲ ዝመልእዎ ፕሮፎርማ ካብ ዕለት 20/03/2016 ዓ/ም ክሳብ 22/03/2016 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ተዓዕዩ በቲ ዕለት ንሱ 8፡30 ኣብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ፋይናንስ ቢሮ ቁፅሪ 208 ዝኽፈት ይኽውን።

5. ተወዳደርቲ አብ ዝመልእዎ ዕሽግ ፖስታ ማህተም ፣ ፌርማን ሙሉእ ሽም ምስ ስ/ቁፅሪ ክገልፁ ዝኽእሉ።

6. ተወዳደርቲ ንዘሸነፍዎ ናይ ሪፍረሽመንት ዝርዝር ዓይነት ኣቕርቦት ካብ ዕለት 24/03/2016 ዓ/ም ክሳብ 09/04/2016 ዓ/ም ን 16 ማዓልቲ ናብ ኮምሽን ፖሊስ ትግራይ ፈለግ ዳዕሮ ፖሊስ ኮሌጅ መሰልጠኒ ማእከል ሰልጠንቲ ናብ ዘለዉሉ ቦታ ብናይ ባዕሉ መጋዓዓዚያን ሰራሕተኛን ብቲ ተወዳዲሩ ዘሸነፎ ዝርዝር ኣቕርቦት መሰረት ብፅሬት ከቕርቡ ዝኽእሉ።

7. ኮምሽን ፖሊስ ትግራይ መቐለ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብኽፊል ኮነ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልው እዩ።

8. ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03 44 40 65 77 ደዊልኩም ምሕታት ትኽእሉ ምኟንኩም ክንገልፀልኩም ንፈቱ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle